# ሰንበት ዘደብረ ዘይት

## 29 መጋቢት 2016 ዓ.ም. (4/07/2024)

**መዝሙር፡** እንዘ ይነብር እግዚእነ ውስተ ደብረ ዘይት... ኣብ ደብረ ዘይት እንከሎ ብዙኃት ብስመይ ኣነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ክመጹኹም እዮም እሞ ከየስሕቱኹም ተጠንቀቑ ተሰናዲኹም ጽንሑ። እቲ ክሳብ መወዳእታ ተዓጊሱ ዝጸንሕ ንሱ ኪድኅን እዩ። ወዲ ሰብ ኪመጽእ እንከሎ ሓይሊ ሰማያትን ምድርን ኵሉ ክካወስ እዩ። ሽው ኃጢኣተኛታት ምድሪ ኵሎም ኪበኽዩ እዮም፥ ሻቡ እግዚኣብሔር ብትእዛዙን ብቓሉን ብአእላፋት መላእኽቱን ተዓጂቡ ብቃንዳ መለኸት ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክወርድ እዩ። ንሱ ዋና ሰንበት ገባር ሕይወት ኣቦ እዩ እሞ በታ ሰዓት እቲኣ ካብ ሞት ኃጢኣት ይምሓረና።

**ንባባት፡** ኤፌ 4፡23-ፍ፥ 2ጴጥ.3፡7-15፤ ግ.ሓ. 15፡6-21፤ ዮሓ. 4፡5-42።

**ስብከት፡** እግዚአብሔርሰ ግሁደ ይመጽእ ወአምላክነሂ ኢያረምም፥ እሳት ይነድድ ቅድሜሁ። እግዚአብሔር ግልጺ ኮይኑ ክመጽእ እዩ፥ ኣምላኽና ክመጽእ እዩ ሱቕ እውን ኣይብልን እዩ፥ ሓዊ ኣብ ቅድሚኡ ይቃጸል መዝ.50፡3።

እዛ እንነብረላ ዓለም ብኽልተ መልክዕ ክትሓልፍ እያ፡ 1. ነፍስወከፍና ካብዚ ዓለም ብሞት ክንፍለ ከሎና መወዳእታና ሽዑ እዩ። 2. ኣብ መወዳእታ መጨረሽታ ዓለም ናይ እዛ ዓለምና ክኸውን እዩ። እዚ እንርእዮ ዘሎና ዓለም ክሓልፍ እዩ። ነዚ ሓላፊ ዓለም ኣብ ልብና ገርና ናብ ዘይሓልፍ ሰማይ ዝኸውን ስንቂ ክነሰናዱ ይግብኣና። ሞት መዓልታዊ ንርኢ ኣሎና ክመውት እየ ዝብሉ ግና ውሑዳት እዮም። ሎሚ እምብኣር ሞትና ክንዝክር እሞ ሕወትና ኣብ መገዲ ኣምላኽ ሰሪዕና ክንጉዓዝ ንሕሰብ። ኣምላኽ ብወገኑ ነዚ ሓላፊ ዓለም ክንርዳእ ብዝተፈላለየ መገዲ ይነግረና፥ ነዚ ኣብነት ዝኾነና ናይ ሎሚ ወንጌል ዝነግረና እዩ።

ክልተ ዘይፋለጡ ሰባት ክራኸቡ እንከለዉ መጀመርያ ዝዕዘብዎ ኣብ መንግኦም ዘሎ ፍልልይ እዩ። ፍልልይ ናይ ጾታ፥ ናይ ጠባይ፥ ናይ መዕበያ፥ ናይ ሃይማኖት፥ ናይ ሃገር. . . እዚ ኹሉ ንርክባትና ሓጺር ይገብሮ ገለእዋን ዘየሰማምዕ ገለ እዋን ከአ ተስፋ ዘይብሉ ይገብሮ። እዞም ክልተ ሰባት ብቕንዕና ገጽ ብገጽ ክቐርቡ ኣይክእሉን እዮም፥ ምኽንያቱ እቲ ኣብ መንግኦም ዘሎ ዝፈላሊ ነገራት ዘይብተኸ ኮይኑ ይርአየና። ካብ ክልቲኦም ሓደ ነቲ መገዲ ብትብዓት ክበትኮ እንተ ዘይከአለ ወይ መልሲ እንተ ዘይሃበሉ ሓንቲ ክግበር ኣይክእልን እዩ። ክልቲኦም ማዕረ ክዋስኡ ኣልኦም።

ሰብኣይን ሰበይትን ዘይፋለጡ ጓኖት ኣብ ዔላ ታራኺቦም እዮም፥እዚ ግን ቅድሚ ሕጂ ዘይተራኸቡ ኮይኖም ዘይኮነ ክልቲኦም ክራኸቡ ዘይክኣል ስለዝኾነ እዩ። ንሱ ኣይሁዳዊ ብመንነ ናይ ካልኦት ዓሌት መሬት ዝሓልፍ ዘሎ እዩ፥ ንሳ ሳምራዊት ኣብ ዓዳ ዘላ እያ። ወገኖም ክልቲኦም ንዘመናት ዘይቃረቡ ህዝቢ እዮም፥ እዚ ብጥንቲ ዝነበረ ጽልኢ ክሳብ ሕጂ ብኽልቲኡ ወገን እውን ነሩ እዩ። ከም ናይ ክልቲኦም ባህሊ ክልቲኦም ኩሉ ጊዜ ዘይቃረቡ ኮይኖም ክነብሩ እዩ እቲ ድለት። ግን እዞም ክልተ ኣብ ነነድሕዶም ጓኖት ዝኾኑ እዚ ዝፈላልዮም ነገር ንኹሉ ጊዜ ገዚእዎም ክነብር ድዩ እቲ ዝድለ። ወይ ክአ ክልቲኦም ተንሲኦም ልዕልቲ ገዚእዎም ዝነበር ነባሪ ጽልእን ባህልን ተበጊሶም ብቕንዕና ገጽ ንገጽ ክዛተዩ?

ቅዱስ ዮሓንስ ፍሉይ ትምህርቲ ንምሃብን ኢየሱስን ተልእኮኡን እንታይ ምዃኑ ክገልጽ ኢሉ ነዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ከምኡ እቲ ኢየሱስ ዘምጽኦ ተሓድሶ ክገልጽ ኢሉ ዝተፈላለየ ነገራት የዘንትወልና። ኣብ ቃና ዘገሊላ ንሱ እቲ መስሕ ምዃኑ በቲ ሓዲስ ወይኒ ገሊጹ። ንሱ ዝተሓደሰ ቤተ መቅደስ ከም ዝኾነ ይገልጽ። ብማይን መንፈስን ዝውሃብ ተሓድሶ ይገልጽ። ናይ ሎሚ ወንጌል ክንርዳእ ታሪኽ ናይ እቲ ቦታ ክነንብብ ጽቡቕ እዩ። ካብ ይሁዳ ንገሊላ ክትከይድ ክልተ መገዲ እዩ ዘሎ፥ እቲ ዝሓጸረ ብከተማ ሰማርያ ዝሓልፍ እዩ፥ እቲ ካልኣይ ብሩባ ዮርዳኖስ ኣቢልካ እትኸዶ ዝነውሐ እዩ። ኢየሱስ ነቲ ዝሓጸረ መገዲ ወሲዱ። ነዚ ዝገበረ ዝሓጸረ ስለ ዝኾነ ጥራሕ ኣይኮነን እንታይ ደኣ ኣብ ሰማርያ ክሰብኽ ስለ ዝደለ እዩ። ኣብ ጥቓ ሰማርያ ምስ በጽሐ ኣብ ሲካር ዝብሃል ቦታ ኣብኡ ደኺሙን ጸሚኡን ስለ ዝነበረ ማይ ክሰቲ ኣላጊሱ። ኣብዚ ኢየሱስ ብናይ ሰባት ርድኢት ይግለጸ ማለት ኣብ ዔላ ኮፍ ይብል፥ ደኺሙ ንርእዮ። እዋኑ ቀትሪ እዩ ነሩ። ኣብ ሃገረሰብ ብዙሕ ጊዜ ማይ ዝውረድ ንግሆ ወይ ምሸት እዩ፥ ኣብዚ ግን ኢየሱስ ይኹን እታ ሰበይቲ ብቐትሪ ይወርዱ እዚ ኸኣ ዮውሓንስ ፍሉይ ነገር ከረድእ ኢሉ ዘቕርቦ ትንተና እዩ። ኢየሱስ ጠምዩ ጸሚኡ እዩ ነሩ። ዮሓንስ ኣብዚ ክብሎ ዝደለ ኣሎ ናይ ኢየሱስ ምምጻእን ምጥማይን ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ ሕወትና ብዝተፈላለየ መገዲ ክንጠሚ ክንጸምእ ክንበሻጮ ከሎና ኣብ ኢየሱስ ክንምለስ። ኢየሱስ ኣብዚ ዓለም ዝመጸ ንዝጠፍኡ ክመልስ ንዝተሸገሩ ክርሁ እዩ።

ዮሓንስ ስማ ዘይተጠቕሳ ሰበይቲ ካብቶም ብኣይሁድ ጽሉኣት ወገን ሳምራውያን ንኢየሱስ ቀስ ኢላ ክትፈልጦ ከም ዝኽኣለት ይነግር። እቲ ትምህርትን ቁምነገርን ኣብቲ ኣብ መንጎ ኢየሱስን እታ ሰበይትን ዝተገብረ ዘተ ክርእ ይክኣል። እዚ ዘተ ናይ ግልጸት ታሪኽ፥ ናይ ክልተ ርክብን ዝምድናን እዩ። ከምኡ ብዛዕባ እግዚኣብሔር፥ ኢየሱስ ከምኡ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልልይ እዩ። እቲ ኣብ መንጎ ኣይሁድን ሳምራውያን ዝፈላሊ ዝነበረ ባህሊ ይጥሓስ በታ ሰበይቲ ዘይኮነ ብኢየሱስ። እታ ሰበይቲ ሳምራዊት እያ ነራ ሳምራውያንን ኣይሁድን በቲ ኣብ መንግኦም ዝነበረ ፍልልይ ይቃረቡ ኣይነበሩን፥ ኣብ 722 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣሲራውያን ንሰመናዊ እስራኤል ምስ ወረርዎ ነቲ ዝማረኾዎ ህዝቢ ንስደት ወሲዶሞዎ ኣይመለስዎን እውን። እቶም ዝተረፉ ንብዙሕ ዘመናት ምስ ባዕዳውይን ባህሊ ኣይሁድ ወሲዶም ዝነበሩ ተሓዋዊሶም እንተኾነ ብኣይሁድ ጽሉኣት ኮይኖም። (2ዘነ 17፡23-41) ስለዚ ብኣይሁድ ከም ኣረማውያን እዮም ዝቑጸሩ ብኽልተ ምኽንያት መጀምርያ ናይ ኣረምን ህዝቢ ባህልን ከምኡ መውስቦ ስለ ዝገበሩን ዝሓወሱን ካልኣይ ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ኣብ ባህሎምን እምነቶምን ለውጢ ገሮም፥ ንኣብነት ኣብ ጽሑፋት ነብያት ኣይኣምኑን ነቶም ቀዳሞት ሓምሽተ መጻሕፍቲ ኦሪት ጥራሕ ይኣምኑ።

ሳምራውያን ባህልን እምነትን እስራኤላውያን ዝወሰዱ ባዕዳውያን ህዝቢ እዮም። ኣብዚ ጊዜ ኣሲራውያን ዝወረሩሉ ጊዜ እዮም ምስ እስራኤላውያን ተሓዊሶም። ድሕሪ ምምላስ ካብ ባቦሎን ምስ ኣይሁድ ክተሓባበሩ ደልዮም ብዝያደ ብፖሎቲካዊ ምኽንያት ከምኡ ኣብ ምህናጽ ቤተ መቕድስ እጃሞም ከበርክቱ እውን ሓቲቶም እንተኾነ ኣይሁድ በቲ ዝተጠቕሰ ምኽንያይ ክቕበልዎም ኣይከኣሉን። ካብዚ ጊዜ ጀሚሮም ሳምራውያንን ኣይሁድን ጽልእ ነርዎም (ዕዝራ 4፡ 1!ፍ፥ ዮሓ. 4፡9)። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና ክንርእዮ ከሎና ነዚ ዝረኣዩ ሓዋርያቱ ምስ ሰበይቲ ክዛረብ ምስ ጸንሖም እሞ ምስ ሳምራዊት ክዛረብ ምስ ጸንሖም ተዓንቂፎም ስለ ዝፈርሑ ገን ኣይተዛረብዎን እዚ ብዓይኒ ኣይሁድ ናይ ብሓቂ ከቢድ እዩ ክቕበልዎ። ዘይተረድኦም ነገር ግን ኢየሱስ ንጥፉኣትን ኃጢኣተኛታትን ክመልስ እዩ መጺኡ፥ባህልን ርድኢትን ናይ ሰባት ካብቲ ክገብሮ ዝደሊ ነገራት ክዓግቶ ኣይክእልን እዩ።

<u>ኢየሱስን እታ ሳምራዊት ሰበይትን፡</u> ኢየሱስ ማንም ሰብ ኣይነበረን እታ ሰበይቲ እውን ማንም ሰበይቲ ኣይነበረትን። ቅ. ዮሓንስ ንኣንበብቱ ኢየሱስ መን ምዃኑ ክነግር ህንጡይ እዩ ነሩ ንሱ

መስሕን መድኃኒ ህዝብን እዩ። ኣብ ምጅማር ኢየሱስ ከም ዝጸምኤን ዝደኸምን መንገደኛ ኮይኑ ንሰባት መን ምዃኖም ብዘየገድስ ኣብ መገዲ ረኺቡ ኣብ ሕይወቶም ዓቢ ለውጢ ክገብሩ ዝሕግዝ ምዃኑ ይገልጽ። ኣብዚ ነቲ ዘተ ዝጅምሮ ኢየሱስ ማይ ኣስትይኒ እናበለ ይሓታ። ጽምኢ ሕሱም እዩ ደረት የብሉን። እታ ሰበይቲ ይገርማ ጽምኡ ብዘየገድስ ኣይሁዳዊ ማይ ምሕታቱ እሞ ንሳምራዊት ሰበይቲ። ኢየሱስ ሕያወይቲ ሳምራዊት ክትከውን ይጽበያ እዚ ኸአ ንኹሉ ነገር የደናግራ። ኣብዚ ንሱ እቲ ዝሓታ ዘሎ መን ምዃኑ እንታይነቱ እንተትፈልጥ ንሳ ተመሊሳ ምሓተት ይብል። ንሳ መገለሊ ዘይብሉ ብምዃኑ ይገርማ እንተኾነ እቲ ኢየሱስ ዝህቦ ኣብ ሰባት ዘይነጽፍ ምንጪ ከምዝህብ ይነግራ። ኣብዚ ኢየሱስ ንጽምኢ ከርዊ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘለዎ ምስተሓበራ ጉይታይ እናበለት ኣብዚ ዔላ ከይትመላለስ ካብቲ ምንጪ ማይ ክህባ ትልምኖ።

ኢየሱስ ኣትኩርኡ ኣብቲ ቀንዲ ምስጢር ዕላሎም ስለ ዝነበረ ሰብኣያ ክትጽውዕ ይሓታ። ንሳ ኣብ ሕይወታ እሙን ንእአ ዝኸውን ሰብኣይ ዘይረኸበት ስለ ዝነበረት ኣብ ሓሚሽተ ተመርዕያ ጌና ዘይኮነላ ሰብ እያ ነራ። ንሳ ጽምኢ ናይ ሓቀኛ ሰብኣይ ነርዋ። እቲ ጽምኢ ንሓቀኛ ሓዳር ድሕሪ ሓምሽተ ሰብኣይ እውን ጌና ኣይሰለጠን ሕጂ እውን ምስ ካልእ ሰብኣይ ትነብር ነራ። ብርግጽ እዚኣ ሰበይቲ ኣብ ሕይወታ ትርጉም ዘይቅሱን ሕይወት ትፈልጥ ነራ። ንሳ እሙንን እተፍቅሮን ሰብኣይ ኣብ ምድላይ እያ ነራ ግን ኣይረኸበትን ነቲ ዝነበራ ድለት ከተማልእ ደልያ ግን ጌና ኣይረኸበትን። ሕጂ ኸአ ሓደ ሰብኣይ ትረክብ እንተኾነ ከምቶም ካልኦት ዘይኮነ ፍሉይ ኣብ ውሽጣዊ ሕይወታ ኣትዩ ቅሳነት ዝህባ ትረክብ። ስለዚ ንኢየሱስ ነቢ ትብሎ። ንሱ ንሳ መን ምዃና ዝፈልጥ እሞ ኣብ ስቓያ ክትነብር ዘይሓድጋ እዩ። በቲ ሕይወታ ኣይጽውዓን ኣይጸርፋን ኣየዋርዳን ዘቐንዝዋ ነገር ኣይብላን። ንሳ ነቲ ዘቲኣ ቀጺላ እቲ ሓቀኛ ኣምልኾ ኣበይ እዩ ትብሎ። ኢየሱስ ብዛዕባ ምስ ሰብኡት ዘለዋ ርክብ ይዛረባ ንሳ ግን ብዘዕባ ኣምልኾ ትሓቶ። ሰባት ኣብ ውሽጥና ዝትንክፈና ነገር ምስተላዕለ ቀልጢፍና ኣርእስቲ ክንቅይር ንደሊ ብፍላይ ዘሕፍር ነገር ዝገበርናዮ ወይ እንገብሮ ዘሎና ምስተላዕለ ኣርእስቲ ንቕይር እዚኣ ሰበይቲ እውን ከምኡ እያ ገራ። እንተኾነ ኢየሱስ ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ምስጢር ሕይወታ ክሳብ ትምለስ ኣይሓድጋን።

ኢየሱስ ምስ እዚኣ ሰበይቲ ዘረብኡ ማይ ክተስትዮ ብምሕታት እዩ ዝጅምሮ እዚ ኸአ እግዚኣብሔር ኣባና ዘለዎ ሓልዮት እዩ ዘርኢ። ኣብዚ ኣምላኽ ከአል ኩሉ ንሓንቲ ፍጡሩ ክሓትት ንርእዮ። ማይ ኣስትይኒ እናበለ ይሓታ። ጽምኣቱ ግዙፍ ሥጋዊ ጽምኣት ኣይኮነን ናይ ኩልና ደቂ ሰብ ድሕነት ዘልኦ ጽምኣት እዩ ዝሕብረና። ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ እንከሎ እንደገና ጸሚአ ይብል (ዮሓ. 19፡28)። እታ ሰበይቲ ምስ ሓተታ ብቕኑዕ መገዲ ትምልሰሉ ኣብዚ ኣምላኽ ክዛረባ ስንድውቲ ከም ዝነበረት ንርኢ እዚ ኸአ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ምቕያር ሕይወታ እዩ። ኣብቲ ዘረብኦም እትሓቶ ዝነበረት ኣብእ ኣምላኽ ጸግኡ ክዓልብ ንልባ ክፉት ገራቶ። ኣብ መጨረሽታ ኣብ ምሉእ ተሓድሶን ዕርቅን ክትእቱ ሰብኣይኪ ጸውዒ ይብላ፥ ሽዑ ልባ ይትንከፍ፥ ኢየሱስ ኣብ ውሽጢ ልባ ከም ዝኣቶ ርእያ እምነታ ክትገልጽ ትርእ ነቢ ከም ዝኾንካ እርኢ ኣሎኹ ትብሎ።

ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ማይ ከም ሓደ ምልክት መጋበሪ ድሕነት ገሩ ይገልጾ። ማይ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ጸጋ ክርስቶስ ከአ መልዕልተ ባሕርያዊ ሕይወት ክንለብስ ዓቢ ተራ ኣለዎ። በዚ ባሕርያዊ ነገር መልዕልተ ባሕርያዊ ነገር ይገልጽ። ንጴጥሮስን ካልኦትን ክጽውዖም እንከሎ ገፋፍቲ ዓሣ ዝነበርኩም ገፋፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ ይብሎም። ነዚኣ ሳምራዊት ሰበይቲ ካብ ዔላ ማይ ክትቀድሕ ዝመጸት ነቲ ዝበለጸ ዘይነጽፍ ማይ ሕይወት ክትቀድሕ ዕድል ሂብዋ።

እዛ ሳምራዊት ሰበይቲ ምስ መን ከምትዛረብ ዘላ ብግሉጽ ክትርኢ ክኢላ። ስለዚ ኣበይ እዩ እቲ ሓቀኛ ቤት ኣምልኾ እናበለት ትሓቶ፥ ኣይሁድ ኣብ ኢየሩሳሌም ትብሉ ንሕና ሳምራውያን ኣብ

እምባ ገርዚም እዩ ንብል ነዚ ኸአ ኣብ (ዘፍጥ 12፡7፥22፡2፥ 33፡20) መሰረት ከም ዘልኦ ንርኢ። ኢየሱስ ነቲ ሕቶ ጥራሕ ኣይኮነን ዝምልሰላ ነቲ ትምህርቲ ነብያት ሓቅነቱ እና ገለጸ ነቲ ሓቀኛ ግልጸት ይነግራ። ሳምራውያን ኣብ ጸልማት ከም ዝነብሩ ይገልጸላ ምኽንያቱ መደብ ኣምላኽ ኣብ ነብይት ዝተገልጸ ስለ ዘይኣምኑ። ኣይሁድ እውን ወልእኳ ንብምልኡ ኦሪት ብምቕባሎም ኣብ ጥቓ ሓቂ እንተኾኑ ነቲ ሓዲስ ግልጸት ብኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይ ምቕባሎም ኣብ ጸልማት ይነብሩ። ሳምራውያንን ኣይሁድን ኣብቲ ሓዲስ ግልጸት ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምኑ ይዕድሞም። ብምምጻእ መስሕ ክልቲኦም  ከምዝኣምንዎ ኩሉ ክግለጽ እዩ እዚ ኸአ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ተፈጺሙ ኣሎ። እቲ ሓቀኛ ስግደት ኣብ ኢየሩሳሌም ኣይኮነ ኣብ እምባ ገሪዚም። ሰማይዊ ኣቦ ዝደልዮ ነቲ መስሕ ምቕባል እዩ።

ሓቀኛ ኣምልኾ ብመንፈስን ብሓቅን ዝግበር እዩ። ከምዚ ክብላ እንከሎ ኣብቲ ሕመረት ዕላሎም ይመልሳ። እቲ ሓቂ ከመይ ገርኪ ንኣምላኽ ክተምልኺ ብዛዕባ ኣብ ሕይወትኪ ዘሎ ሓቂ ከይፈልጥኪ? ሰባት ሕይወቶም ከመይ ከምዘሎ ከይረአዩ ንኣምላኽ ከምልኹ ምፍታኖም ክንደይ ድኹማትን ክነስተውዕሎ ዝግብኣና ነገራት ከምዘሎ ይሕብረና። ስለዚ ኢየሱስ ንዛ ሰባይቲ መን ምዃኑ ይነግራ። ንሱ መን ምዃኑ ክገልጸላ እንከሎ ናብኡ ዝወስድ መገዲ ይሕብራ። ነቲ ሓቀኛ ማይ ይህባ፥ ነቲ ዕትሮአ ሓዲጋ ኣብ ዓዲ ክትምለስ እሞ ነቶም ደቂ ዓዳ ነቲ ንሳ ክትርእዮ ዝኸኣለት ክተርእዮም ይነግራ። ምስ ሓዋርያቱ ገዲፋቶ ዝገበርክዎ ዘበለ ዝነገረኒ ሰብኣይ ክትርእዩ ንው ርአዩ ክትብላ ንዓዲ ኣትያ። ነቲ ዝረአየቶ ብምስጢር ክትሕዞ ኣይደለየትን ንደቂ ዓዳ ክትነግሮም ደልያ። ሳልአ ኩሉም እቶም ደቂ ዓዲ ንኢየሱስ ክርእዩ ክኢሎም። ኢየሱስ መልእኽቱ ናብ ካልኦት ክተብጽሕ ነጻ ገርዎ ብኻልእ ዘረባ ምስ ኣመነት ክትሰብኽ ጀሚራ እሞ ናብቶም ዝቐረብዋ ክትሰብኽ ወፊራ። ብዙሓት በቲ ናታ ታሪኽ ንኢየሱስ ክኣምኑ ክኢሎም፥ ብዙሓት ክኣምኑ ክኢሎም ምኽንያቱ ንእኡ ምስረኸቡ ንርእሶም ክርእዩ ክኢሎም።

እዚኣ ዘበይቲ ኣብነት ናይ ኩሎም እቶም ከመይ ኢሉም ንኢየሱስ ዝኣምኑ እያ። መጀመርያ ከም ኣይሁዳዊ ድሕሪኡ ከም ነብይ ድሕሪኡ ከም መስሕ ድሕሪኡ ከም መድኃኒ ዓለም። ንሳ ካብቶም መጀመርታ መሰኻኽር ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ንኻልኦት ኣብ ኢየሱስ ዝመርሐት እያ። ዝሓለፈ ሕይወታ ልእኽቲ ጽቡቕ ወረ ክትከውን ኣይከልአን። ክትነግሮ ዘለዋ ታሪኽ ኩሉ ጊዜ ኣልአ። ድሕሪ ነውሕ ጊዜ ነቲ ሓቀኛ ሰብ ረኺባ።

እዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ኣብዚ እዋን ጾም ክነንብቦ ከሎና ፍሉይ ትምህርቲ ኣልአ፡

- ኃጢአትና ካብ ሰብን እዝግን ይፈልየና። እዚኣ ሰበይቲ ብሰንኪ ኃጢአታ ካብ ሰብ ትሕባእ ነራ ብኡ እያ ተሓቢኣ ብቐትሩ ንሩባ ዝወረደት ሰብ ከይርእያ። ኃጢአት ርክብ ምስ ኣምላኽን ሰብን ከምነቋርጽ ይገብረና። ኣብ ኢየሱስ ክሳብ ዘይመጻእና ነጻ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና ኣብኡ ንመለስ።

- ኣብ ውሱን ሕይወትና ንኣምላኽ ክንረኽቦ ኩሉ ኩነታትና ክነዕልሎ ይግባእ። እዚኣ ሰበይቲ ኣብ ዔላ ንመድኃኒ ረኺባቶ ኣነኸ ኣበይ ክረኽቦ እኽእል ክንብል ሎሚ ምቹእ ጊዜ እዩ። ምስኡ ምስተራኸብና ነቲ ዕላል ባዕሉ ብጸግኡ ክጅምሮ እዩ ሓንትስ ንሕና ኣብኡ ንቕረብ።

- ብእምነት ክንዓቢ ይግብኣና። እዚኣ ሰበይቲ ምስ ኢየሱስ ምስ ኣዕለለት ሽዑ ብእምነት ክትዓቢ ጀሚራ። ንኢየሱስ ጎይታይ ነቢ መስሕ እናበለት ኣብቲ ሓቀኛ መንነቱ ክትበጽሕ ክኢላ። ንሕና ብእምነት ክንዓቢ ምስ ኢየሱስ ክንራኸብ ኣሎና። ካባና ተበግሶ ይደሊ።

- **ካብ ዝኾነ ጉድለትና ነጻ ክንወጽእ ጉድለትና ኣለሊና ክንክእል ኣሎና።** ኃጢኣቱ ዝእመን ንኣምላኽ ኣብኡ ክዓዪ መገዲ ይኸፍት። ኢየሱስ ነቲ ዘሎና ቁስሊ ከሕዊ እዩ እቲ ድላዩ። ኩልና ክንሓዊ እሞ ምስኡ ክንውሃሃድ ቁስልና ኣብኡ ንተሓከም። ካብ ዘሎናዮ ኃጢኣት ከሕውየና ኣብቲ ዘሎናዮ ቦታን ጊዜን ይመጸና፥ ማይ ኣስትየኒ እናበለ ወይ ብኻልእ መገዲ ክቐርበና ይፍትን።
- **ድሕሪ ሕድገት ኃጢኣትና ንተልእኮ ንወፍር።** እዚኣ ሰበይቲ ኩሉ ነገር ምስ ኣመነትን ንኹሉ ነገር ምስ ገበረትን ንድቂ ዓዳ ክትሰብኽ ወፊራ። ብዛዕባ ኢየሱስ ክትሰብኽ ጀሚራ። ነቲ ዝኣመነተቶ ንኻልኦት ከምኣ ክኣምኑ ኣብ ኢየሱስ ክተምጽእ ጀሚራ። ንሕና እውን ኣብዚ ቅዱስ እዋን ናይ ብሓቂ እንተ ድኣ ኣሚና ንኻልኦት ኣብ ኢየሱስ ክነምጽእ ድላይ መድኃኒና እዩ።

ሰንበት ዘደብረ ዘይት ኣብ ሕይወትና ኣቲና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ክንርኢ ንዝጎደለ ኣብ መንበር ንሥሓ ኣቲና ክንዕረኞ እሞ ነዚ ምድራዊ ጉዕዞ ሕይወትና ኣብ መገዲ ቅድስና ሰሪዕና ክንጉዓዝ ዝሕግዘና ሰንበት እዩ። ወንጌልን መልእኽቲ ጳውሎስን ጴጥሮስን እውን ነዚ ተግባራዊ ክንገብር እዮም ዝነግሩና። ወንጌል ብፍሉይ ኣብነት ናይ እዚኣ ሳምራዊት ሰበይቲ ክንክተል ይነግረና። እዚኣ ሰበይቲ ኣምላኽ የፍቅራ ከምዝነበረ ከምኡ ንነፍስወከፍና ካብ ኃጢኣትና ክንምለስ እሞ ኣብ ድሕነት ርእስናን ካልኦትን ክንወፍር ከምዘሎና የዝኻኽረና። ንርእስና ምስ ኣምላኽ ከይዓረቕና ምስ ካልኦት ክንዕረቕ ኣይክኣልን እዩ። ኣነ ከም ኣነ ንኣምላኽ ክረኽቦ ኣሎኒ ዝብል መንፈስ ክወርስና ኣለዎ።

ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እትብል ኣደ ኣላትና ድላይ ወዳ ኩሉና ክንድሕን ደቂ ኣምላኽ ኮና ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክንርከብ እዩ እሞ ኣብዚ ጊዜ ጾም ክንዕወት ለምንልና ንበላ። ንኃጥኣን ዘናዲ ኣምላኽና ንነፍስወከፍና ረኺቡ ኣብ ሕቕፉን ኣብ ኣገልግሎቱን ይልኣኸና። ሰበኽትን መስከርትን ወንጌሉ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ